# ዓርቢ ስቕለት

6 ሚያዝያ 2015 (4/14/2023)



**ተፈጸመ**

**ንባባት፡** ኢሳያስ 52፡13-53፡12፥ ዕብ 4፡14-5፡9፥ ዮሓ 19፡16-37

አብ ዓርቢ ስቕለት ምሉእ መዓልቲ ነቲ ክርስቶስ ምእንቲ ድሕነት ነፍሲ ወከፍና ኢሉ ዝተቐበሎ ስቓይን ስቕለትን ሞትን እናዘከርና አብ ልብና አቲና ነቲ አምላኽ ምእንቲ ድሕነትና ኢሉ ዘርአዮ ፍቕሪ ዘኪርና ንጽልን ንልምንን። ፍቕሪ ዘሳቒ እንተ ዘይኮነ ፍቕሪ አይኮነን ይብሃል። ክርስቶስ አብ መስቀል ተሰቒሉ ተሳቕዩ እዚ ብእምነትና መግለጺ ዓሚቕ ፍቕሪ ንብሎ ዝኾነ ፍቕሪ በዚ ክመዝን ይግባእ። አብ ግላውን ሓባራውን ሕይወትና ዋጋ ፍቕሪ ነቲ መሪር ጸገማት ብፍቕሪ ክንዛዝሞ ከሎና፥ ንኹሉ ዝወረደና ግፍዕን ውርደትን ምሒረ አሎኹ ኢልና ምስ ከአልና፥ ነቲ ብዘይ ሓንቲ በደል ስምና ዘዋረደ፥ ውርደትናን ስቓይናን ዝተመነየ አብ ክፍአት ተሸሚሙ ውድቀትና ሞትና ዝተመነየ ምሒርናን አፍቂርናን ምስ ከአልና ፍቕርና አስር ክርስቶስ ዝኽተል ኮይኑ ንረኽቦ።

አብ ወንጌል ዮሓንስ 19፡30 ኢየሱስ ንኹሉ ከምቲ ሰማያዊ አብኡ ዝደልዮ ምስ ገበረ ተፈጸመ ከም ዝበለ ነንብብ። ብሓንቲ ቃል ብግሪኽ tetelestai ብዝብል ተገሊጹ ንረኽቦ።ተፈጸመ ክብል እንከሎ እንታይ እዩ ዘስምዕ?

አብ ቅድስት ሃገር ብሊቃውንቲ አብ ዝተገብረ አርከሎጂካዊ ኩዕታ ሓደ መኽፈልቲ ቀረጽ ከም ቤት ጽሕፈት ዝጥቀሙሉ አብኡ ብዙሓት መዛግብን ብግዚኡ ዝነበረ አተሓሕዛ ገንዘብ ከመይ ከም ዝነበረ ዝገልጽ ረኺቦም። ክልተ ናይ ከፈልቲ ቀረጽ ዝርዝር ዝሓዘ መዛግብ ተረኺቡ አብታ ሓንቲ አብ ልዕሊአ tetelestai ዝብል ጽሑፍ ነሩ። እዚ ኸአ ኵሉ ዝኸፈሉ ማለት እዩ። እዚኦም ሰባት ወላ ሓንቲ አይእወዱን እዮም ኵሉ ዝኽፈል ከፊሎም ማለት እዩ። ኢየሱስ ተፈጸመ ክብል እንከሎ እንታይ እዩ እቲ ዝተፈጸመ? እቲ ብሰንኪ ኃጢአትና አምላኽ ዝእውደና ዕዳ እዩ ተኸፊሉ፥ ብምልኡ ተኸፊሉ።

ኣብ ርድኢት ኣይሁድ ኃጢኣት ክኸፈል ዘለዎ ዕዳ እዩ። ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ዝመሳሰል ቃላት ይጥቀም ነሩ ማለት ኃጢኣት ዕዳ እዩ፣ ሕድገት/ምሕረት ከኣ ናይ ዕዳ ሕድገት/ምሕረት እዩ። ኣብ ሓደ ዝሃቦ ምሳሌ ብዛዕባ ሓደ ብጎይትኡ ኵሉ ዕዳኡ ዝተሓድገሉ ግን ንብጻዩ ከምቲ ዝተማሕሮ ክምሕር ዘይክኣለ ነጊሩ። እዚ ዝነግረና ብኣምላኽ ምስ ተመሓርና ንሕና እውን ንኸማና ዝበለ ሓውናን/ሓፍትናን ክንምሕር ከም ዝግብኣና ንምግላጽ እዩ። ኣብ ዝመሃረና ጸሎት በደልና ሕደገልና ንዝበደሉና በደሎም እምንቲ ክንሓድግ እናበለ ምሂሩና። ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ብዛዕባ ምስ ኣምላኽን ብጾትናን ዘሎና ርክብ ክገልጽ እንከሎ ፈሊጡ ቋንቋ ነገዶ/ሽቃጦ ይጥቀም። ኣብ መስቀል ክመውት እንከሎ ተፈጸመ ክብል እንከሎ ኵሉ ተኸፊሉ ማለቱ እዩ። ኃጢኣትና ብምልኡ ተኃዲጉልና እዩ፣ ኩሉ ተፈጺሙ እዩ።

ስለዚ ነዚ ናይ መወዳእታ ሓሳብ ኢየሱስ ከመይ ኢልና መልሲ ንህበሉ? ክነስተውዕለሉ ወይ ክንዝክሮ ዘሎና ኃጢኣትኩም ክኅደገልኩም እዩ ዝብል ተስፋ ኣይኮነን ከምኡ ውዕሊ ዘለዎ ኃጢኣትኩም ክኅደገልኩም እዩ ከምዚ እንተ. . . . ሓሳብ ኣይ ኮነን። እሞ ከመይ ናበልና ክንምልሶ ይግብኣና? እንታይ ክንገብር ኣሎና? ሓንቲ ክንገብራ ዘሎና ኣሜን ኢልና ከም ዝበልካዮ ይኹን ምባል ጥራሕ እዩ። ክንገብሮ ዘሎና እዚ ኹሉ ዝገበርክዎ ኃጢኣት ክበዱን ሳዕበኑ ብዘየገድስ ንኣይ ጥራሕ ዝምልከት ከም ዝኾነ ክኣምን ኣሎኒ። ኃጢኣተይ ኵሉ መጠኑ ብዘየገድስ ተማሒረ ተሓዲግለይ እዩ። ኣነ ክገብሮ ዘሎኒ ከመስግን የቐንየለይ ኢየሱሰይ ምባል ጥራሕ እዩ። ምሉእ ሕይወትካ ንኢየሱስ በቲ ዝተገብረልካ ምምስጋን ክትምሃር ይግባእ። በዚ ምኽንያት እዩ ሰንበት ሰንበት ቤተ ክርስትያን እንኸይድ። ቤተ ክርስትያን እንኸይድ መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ ንሱ ኸኣ ምስጋና Eucharist ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት ኢና ንኻልኦት ክነፍቅርን ሕያዎትን ክንከውን ዘሎና።

ኢየሱስ ኣብ መስቀል ዝለዓለ ፍቕሩን ሕያውነቱን ድሕሪ ዘርእየኒ ኮይኑ ከመይ ኢለ እሞ ኣነ ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ኣብ ዕለታዊ ሕይወተይ ንከማይ ዘመሰሉ ፍቕርን ሕያውነትን ዘየርኢ? በዚ ምኽንያት ኢና ብዝኾነ ምኽንያት ኃጢኣት ካባና ክነርሕቖ ዘሎና። ኢየሱስ ንኹሉ ዕዳ ኃጢኣተይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክኸፍሎ ዝግብኣኒ ድሕሪ ከፊሉለይ ኮይኑ ኣብ ካልእ ዕዳ ኃጢኣት ዘኽይድ ምኽንያት የብለይን። ንክፍኣት ንጥልመትን ክሕደትን ካባይ ከርሕቕ ዝክኣለኒ ክገብር ይግብኣኒ። ምእንታይ ዝተኸፍለ ውርደትን ስቓይን ሞትን ከሰክፈኒ ይግባእ። ሓንቲ ከምዘይተገብረለይ ኮይነ ክነብር ኣይግብኣንን።

ኣብ ቅድሚ መስቀል ደው ኢልና ክንስተንትን እንተ ኸኢልና ንኹሉ ዕዳ ኃጢኣትና ዝኸፈለ ክንርኢ ክንክእል ኢና። መስቀል ዓቢ ትምህርቲ ዝሓቖፈ ወዲ ኣምላኽ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዝኣቶናሉ ዘዘኻኽር ስለ ዝኾነ ደጋጊምና ክንርእዮ ይግባእ። ኣብ ታሪኽ ክርስትና ጥቕምን ትርጉምን መስቀል ብዝያዳ ስለ ዝተረዳእና ዝለዓለ ክብርን ትርጉምን ንህቦ መሰረቱ ከኣ ኣብቲ ክርስቶስ ዘርኣየና እዩ። ንኹሉ ብመስቀል ንጀምሮን ንዓጽዎን። ኣብ ገዛውትና ኣብ ክሳድና ኣብ ኣልባሳትና ምልክት መስቀል ንገብር እዚ ኸኣ ነቲ ብክርስቶስ ዝተገብረልና ክንምስክር ንማለት እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድ ዕንቅፋት ንኣሕዛብ ከኣ ዕሽነት ዝኾነ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና (1ቆሮ 1፡23) እናበለ ንስቕለት ክርስቶስ ምስባኽ ንኣና ንክርስትያን ዓወት ከምዝኾነ ይገልጽ። ሰበኽቲ መስቀል ኢና ምኽንያቱ መስቀል ዓወት ሰላም ድሕነት ስለ ዘምጽኣልና።

ካብ ኢሳያስ 52፡13-53፡12 ዘሎ እንተ ኣንበብና ዝበለጸ ትንቢት ብዛዕባ ስቓያት ክርስቶስ ነንብብ። ብዛዕባ ሕማማት ኢየሱስን ምእንቲ ኃጢኣትና ከም ዝተሳቐየን ይነግር። እቶም ህዝቢ

ምስ ረአይዎ መልክዕን ውቃበን አይነበሮን፥ ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን ነበረ. . . ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ፆሮ፥ ንስቓይና ኸአ አብ ነፍሱ ጸዓኖ. . . . ንሱ ብሰንኪ ገበና ቆሰለ ብሰሪ አበሳና ድማ ተኸትከተ፥ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ ንሕናውን ብስንብራቱ ሓወና. . . ናብቲ ዚቕተለሉ ቦታ ጎቲቶም ወሰድዎ እሞ ቀተልዎ. . . . ንብዙኃት ኬጽድቕ አበሳኦም ድማ ባዕሉ ኺፀውር እዩ (ኢሳ 52፡14፥ 53፡4-5, 8,11) ዝብል ብንጹር ንኢየሱስ ዘመልክት ነንብብ።

ንስቓይን ስቕለት ክርስቶስ ከስተንትን ዝኸአለ አብ አምላኽ ክምለስ ጊዜ አይወስደሉን እዩ። The Passion of the Christ እትብል ምርኢት ብ2004 ምስ ወጸት ብዙሓት ልቦም ተተንኪፎም። ሓደ ኖርወጃዊ ደጋፊ ናዚ ዝኾነ ብ1994ን 1995 አብ ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ እናተገብረ ቦምባ ዝደርበየ ነዚአ ናይ ክርስቶስ ሕማማት እትገልጽ ምርኢት ምስ ረአየ ባዕሉ አብ ፖሊስ ቀሪቡ ንሱ ነቲ በደል ከም ዝገበረ ተአሚኑ። ከምኡ አብ መጋቢት 2004 አብ ተክሳስ አመሪካ ሓደ ንጓል 19 ዓመት ነፍሰ ጾር ዝቐተለ ነዛ ምርኢት ምስ ረአየ ባዕሉ ተናሲሑ። እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ክርስቶስ ምእንታና ዝተቐበሎ ስቓይን ሞትን ስቕለትን ክንርኢ እንተ ኸአልና ክካብ ኃጢአትና ክንሳሕ አይ ከብደናን እዩ። መስቀል አብ ንስሓን ፍቕሪ አምላኽን እዩ ዝመርሓና።

ብዙሕ ጥቕስታት ካብ ቅዱስ መጽሓፍ እንተ አንበብና ሓደ ብግሉጽ ዘዘኻኽሩና ሞት ኢየሱስ ንኃጢአት ከም እንሓድግ ዝገልጹ እዮም።

ቅ. ጳውሎስ አብ መልእኽቱ ነቲ ክርስቶስ ምእንታ ዝገበሮ ከስተንትን እንከሎ አብ ዝጽሓፎ፥ ንሕና ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ አምላኽ ምእንቲ ኽንከውን አምላኽ ነቲ ኃጢአት ዘይፈለጠ አብ ክንዳና ኃጢአተኛ ገበሮ (2ቆሮ 5፡21) ይብል።

ቅ. ጴጥሮስ ነዚ ብዝርኢ ከምዚ ይብል፤ካብ ኃጢአት ርሒቕና ብጽድቂ ምእንቲ ክነብር ንሱ ባዕሉ ንኃጢአትና በቲ አብ መስቀል ዝተሸንከረ ሰብነቱ ጾሮ። ብቚስሉ ኢኹም ዝሓወኹም (1ጴጥ 2፡24)።

ቅ. ጴጥሮስ አብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ፥ ክርስቶስ ሓንሳእ ንሓዋሩ ምእንቲ ኃጢአት ሞተ፥ ናብ አምላኽ ምእንቲ ከቕርበና ጻድቕ ከሎ ምእንቲ እቶም ኃጥአን ሞተ፥ ብሥጋ ሞተ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ (1ጴጥ 3፡18) ይብል።

ጳውሎስ ከምዝብሎ ክርስቶስ አባና ክነብር ካብ ኃጢአትና ንሙት ማለት ንክርስቶስ ቅድም ሰሪዕና ቅዱስ ሕይወት ንንበር።እዚ ምስቲ ቅ. ጳውሎስ ዝብሎ ይሰማማዕ፥ ክርስቶስ ተሰቒሉ እዩ አነ ኸአ ምስኡ ተሰቒለ እየ፥ ደጊም ክርስቶስ እዩ አባይ ዝነብር ዘሎ እምበር አነ አይኮንኩን ዝነብር ዘሎኹ (ገላ 2፡19-20)።እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸአ ነቲ ሰብአዊ ባህርዮም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም (ገላ 5፡24)።

አብ ሕማማት ኢየሱስ ክነስተንትን እንከሎና አብ ንስሓ ኃጢአትና እዩ ዝመርሓና፥ ንኃጢአት ሕቘና ሂብና ካብ መስቀል ከም ሓደስቲ ሰባት ንጀምር።

ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ፆሮ ንስቓይና ኸአ አብ ነፍሱ ጸዓኖ. . . ንሱ ብሰሪ ገበና ቘሰለ ብሰሪ አበሳና ድማ ተኸትከተ ንሕና ሰላማ ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ ንሕናው ብስምብራቱ ሓወና (ኢሳ 53፡4-6)።

**አብዚ ዋጋ መስዋዕትና ዝተኸፍለላ ዕለት እምብአር ነቲ ዕዳና ኹሉ ብሕማሙን ስቕለቱን ሞትን ዝኸፈለልና ኢየሱስ ሎሚ ነፍሲ ወከፍና ከከብ ዘሎናዮ ዕዳ ኃጢአት ወጺእና ምስኡ ንኃጢአት ንሙት። ነቲ ንሱ ዝገበረልና አሚናን ተቐቢልናን ሕይወትና ሓዲስና ሕይወት አሕዋትና ንሓድስ።**

**ምስ ማርያም ጉዕዞ ቀራኖዮ ንተሓሓዞ እሞ አሰንይና ንበላ ሽዑ ንዕዳ ኃጢአትና ካብ እቲ ምእንታና ክብጆ እንከሎ አብ ሕቑፋ ዝተቐበለት ክተማልደልና እያ። አ ቀዳመይቲ ንጉዕዞ ቀራንዮ ዝተጎዓዝኪ አደና ሎሚ እውን ንጉዕዞ ሕይወትና ሓድስልና አብ ቅድስናን ሰላምን ክንአቱ እሞ ምሳኽን ምስ ወድኽን በዚ ብሩኽ ሶሙነ ሕማማት ብምሉእ ክንሳሕ እሞ ምስኡ ከም እንትንሥእ ግበርና።**

**ምእንታና አብ አምስቀል ዝሞተ ኢየሱስ ሎሚ እውን ከም ምሕረቱ እምበር ከም በደልና ከይከደና እናጸለና ብሩኽ ትንሣኤ ይገበረልና።**

**ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ**